## ዘጸአት 34

27 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ በዚ ቓላት እዚ ምሳኻን ምስ እስራኤልን ኪዳን ኣትየ እየ እሞ፡ እዚ
ቓላት እዚ ንኣኻ ጽሐፎ፡ በሎ።
28 እንጌራ ኸይበልዐን ማይ ከይሰተየን፡ ኣብኡ ምስ እግዚኣብሄር ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን
ገበረ። ድማ ናይቲ ኺዳን ቃላት፡ እቲ ዓሰርተ ቓላት፡ ኣብተን ጽላት ጸሐፎ።
29 ኰነ ኸኣ፡ ሙሴ ኻብ ከረን ሲና ኺወርድ ከሎ፡ በቲ ካብ ከረን ምውራዱ እተን ክልተ ጽላት ምስክር
ኣብ ኢድ ሙሴ ነበራ፡ ሙሴ ምስ እግዚኣብሄር ብምዝራቡ እቲ ቖርበት ገጹ ኸም ዘንጸባረቐ ኣይፈለጠን
ነበረ።
30 ኣሮንን ኵሎም ደቂ እስራኤልን ንሙሴ ምስ ረኣዩ፡ እንሆ፡ ቆርበት ገጹ የንጸብርቕ ነበረ እሞ፡ ናብኡ
ንምቕራብ ፈርሁ።
31 ሙሴ ኸኣ ጸውዖም፡ ኣሮንን ኵሎም ሓላቑ እቲ ኣኼባን ድማ ናብኡ ተመልሱ፡ ሙሴ ኸኣ
ተዛረቦም።
32 ድሕርዚ ኸኣ ኵሎም ደቂ እስራኤል ቀረቡ። ንሱ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ክረን ሲና ዝነገሮ ዅሉ
ኣዘዞም።
33 ሙሴ ምሳታቶም ተዛሪቡ ምስ ወድኤ፡ ኣብ ገጹ ጕልባብ ገበረ።
34 ሙሴ ምስኡ ኺዛረብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምስ ዚኣቱ፡ ክሳዕ ዚወጽእ ነቲ ጕልባብ የልዕሎ
ነበረ። ወጺኡ ኸኣ እቲ እተኣዘዞ ነገር ንደቂ እስራኤል ይነግሮም ነበረ።
35 ደቂ እስራኤል ድማ ቆርበት ገጽ ሙሴ ኸም ዜንጸብርቕ፡ ገጽ ሙሴ ይርእዩ ነበሩ፡ ሙሴ ኸኣ ምስኡ
ንምዝራብ ክሳዕ ዝኣቱ ነቲ ጕልባብ ናብ ገጹ መለሰ።

## 2ይ ጴጥሮስ 1

16 ነቲ ናይ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሓይልን ምጽኣትን ክንነግረኩም ከሎና፡ ነቲ ናይ ግርማኡ ብዓይንና
ዝርኤናዮ ምስክር ኴንና ኢና እምበር፡ እተጣበብዎ ጽውጽዋያት ኣይሰዐብናን።
17 ካብቲ ግኑን ግርማ ኽብሪ፡ ብእኡ ዝሰመርኩ ፍቁር ወደይ እዚ እዩ፡ ዚብል ድምጺ ምስ መጾ፡ ንሱ
ኻብ እግዚኣብሄር ኣቦና ክብርን ግርማን ተቐበለ።
18 ኣብቲ ቅዱስ ከረን ምስኡ ኸሎና ኸኣ፡ ንሕና ባዕላትና ነዚ ድምጺ እዚ ኻብ ሰማይ ኪመጽእ ከሎ
ሰሚዕናዮ ኢና።

## ማቴዎስ 17

1 ድሕሪ ሹዱሽተ መዓልቲ ድማ የሱስ ንጴጥሮስን ንያእቆብን ንዮሃንስ ሓዉን ወሲዱ ንበይኖም ናብ
ነዋሕ ከረን ኣደየቦም።
2 ኣብ ቅድሚኦም ድማ ትርኢቱ ተለወጠ። ገጹ ኸም ጸሓይ ኣብርሀ፡ ክዳኑውን ከም ብርሃን ጸዕደወ።
3 እንሆ ኸኣ፡ ሙሴን ኤልያስን ምስኡ እናተዛረረቡ ተራእይዎም።
4 ጴጥሮስ መሊሱ ንየሱስ በሎ፡ ጐይታይ፡ ንኣና ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ። ትፈቱ እንተ ዄንካስ፡
ኣብዚ ሰለስተ ዳስ ክንሰርሕ፡ ሓደ ንኣኻ፡ ሓደ ንሙሴ ሓደውን ንኤልያስ።
5 ገና ኺዛረብ ከሎ፡ እንሆ፡ ብሩህ ደበና ኣጐልበቦም። እንሆ ኸኣ፡ ካብቲ ደበና፡ ዝፈትዎ ወደይ፡ ብእኡ
ዝሰመርኩ እዚ እዩ፡ ንእኡ ስምዕዎ፡ ዚብል ድምጺ መጸ።
6 ደቀ መዛሙርቱ እዚ ሰሚዖም ብግንባሮም ተደፍኡ፡ ብዙሕ ድማ ፈርሁ።
7 የሱስ ቀርብ ኢሉ ተንከዮም፡ ተንስኡ ኣይትፍርሁውን፡ በሎም።

8 ንላዕሊ ገጾም ቍሊሕ እንተ በሉ፡ ብዘይ የሱስ በይኑ ሓደ እኳ ኣይረኣዩን።
9 ካብ ከረን ኪወርዱ ኸለዉ፡ የሱስ ወዲ ሰብ ካብ ምዉታት ክሳዕ ዚትንስእ፡ እዚ ዝርኤኹምዎ ንሓደ
እኳ ኣይትንገሩ፡ ኢሉ ኣዘዞም።